## 365 መዓልታት ኣብ ዓመት

### ንዝኽሪ ስውኣትና

መስዋእቲ ዜጋታት ኤርትራ

ኣብ ማእሰርቲ

ናኾራ፡ ሰምበል፡ ዓዲ ዃላ፡ ግቢ፡ ቓኘው፡ ማርያም ግምቢ፡

ሎሚ ከኣ ቁጽረን ዘይተፈልጠ ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝሰርሐን ሕቡኣት ማእሰርቲ ጎዳጉድ ትሕቲ መሬት፡ ደንጎሎ፡ ሰረጀቓ፡ ቐሓውታ፡ ኀቦታት ሳሕልን፡

ብጸላኢ ዝነደዳ ዓድታት ዝሞተ ህዝብን

ግምሆት፡ ዓይሌት፡ ሓሹሻይ፡ ሕርጊጎ፡ እምበረሚ፡ እንዳዓንገ፡ እንዳጭጮ፡ ደግደገ፡ ጢዖ፡ በይሉል፡ ድግሳ፡ መዓረባ፡ ደቀምሓረ፡ ማይ ዕዳጋ፡ ተራ እምኒ፡ እንዳገርግስ፡ ዳዕሮ ተኽሊ፡ መረብ፡ ሸኻ ወዲ ብስራት፡ ጕላ፡ ወኪ ዱባ፡ ዓዲ ቆንጺ፡ ዓዲ ያዕቆብ፡ ዓዲ ንፋስ፡ በለዛ፡ ጸሎት፡

1965 ምራራ
1966 ቤት ገብሩ ከባቢ ከረን
1968 ዓዲ እኮድ
1069 ወርሒ ጥቅምቲ ፎደ ከባቢ ተኾምቢያ
1976 1 ታሕሳስ ያና 625
1967 ዓድ ኢብራሂም 47 ሰላማውያን
1974 19 ሓምለ ኦምሓጀር
1975 31 ጥሪ ልዕሊ 300 ሰላማውያን
1975 15 መጋቢት 208 ኣቑርደት
1975 8 መስከረም ኣስመራ ኣብ ዕለት በዓል መስቀል
1975 ሕዳር ወኪ ዱባ

<u>ሓደሽቲ ዓድታት ኣብ መዝገብ ስውኣትና</u>

1997 11 ሓምለ ማይ ሓባር ( ነፋሲት)
2001 ዊዓ
2004 ጥቅምቲ 4 ዓዲ ኣበይቶ

ኣብ ግንባራት

ተኀርባ፡ ሓልሓል፡ ዒን፡ ሃይኮታ፡ ስርዋ፡ ጀንጌረን፡ ገንፈሎም፡ ወኪ ዛግር፡ እምበይቶ፡ ዓዲ ሓውሻ፡ ሰላዕ ዳዕሮ፡ ደምበላስ ቆሓይን፡ማይ ምኑ፡ መረብ፡ ምስያም፡ ኦምሓጀር፡ ባረንቱ፡ ሳሊና፡ ተከል፡ ባራስ፡ ማራት፡ ዒላ ጻዕዳ፡ ዓላኬብ፡ ኣልጌና፡ ኣግራዕ፡ ናቕፋ፡ መለብሶ፡ ሓስሓሽ፡ ከርከበት፡ ዓዲ ሽሩም፡ ዶንጎሎ፡ ጋሕተላይ፡ ዓዲ ሮሶ፡ ኣብ ሓራ ምውጻእ ከተማታት ብሙሉኡ፡ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ድምር 'ዩ።

ዳሕረዋይ ዶባዊ ኲናት

ግንባር ባድመ፥ ዓሊ ተና፥ ጾሮና፥ ዛላምበሳ፥ ወ.ዘ.ተ

መስዋእቲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ብዙሕ ብቀሊሉ ክዝከር ካብ ዝኽእል፥ ዝነደደ ዓድታትን ዝጥፈአ ሰላማዊ ህዝብን፥ ኣብ ቤይቱ፥ እቲ ብረት ዝዓጠቐ ድማ ኣብ ግንባራት ንጸላኢ ንምድኻም ብዝኸፈሎ ጅግንነታዊ መስዋእቲ ዘመስክሮ ሓቂ'ዩ።

ህዝብና ዓብ ዓዱ ኣብ ቤተ መቕደስን መስጊድን፥ ኣብ ግንባራት፥ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ጥራሕ ዘይኮነስ፥ ብሰንኪ መግዛእቲ ዝፈትዋ ሃገሩ ገዲፍዎ ምስ ወጸ ኣብ ስደቱ'ውን ግቡኡ እንዳፈጸመ ዝሓለፈ ዘይተነግረሉ ሙሉቕ ቢሉ ዝኸደ ኤርትራዊ ዜጋ ውሑድ ኣይኮነን።

ህዝቢ ኤርትራ ዘይወደቐላ መሬትን፥ ዘይተሰወኣላ ዕለትን የልቦን። ክሳብ እታ ኣኽሊል ነጻነት ኣብ ቦትኣ ትምለስን ጸላኢ ካብ ኤርትራ ፈጺሙ ዝወጽእ መስዋእቲ ተኸፊሉ፥ ድሕሪ'ውን እንሆ ብስንኪ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንምእንቲ ድሕነት ሃገር ካብ'ቲ ጸላእቲ ብዝፍጽምዎ ዝነበሩ ተግባራት ዘይፍለ ህዝቢ ገና ብሂወቱ ኽሕተት ይርከብ ኣሎ።

ህ.ግ.ዲ.ፍ ንህዝቢ እንዳገፍዐን እንዳጨቐነን፥ በቲ ሓደ ኢዱ ኵርማጅን ሓለንጊን፥ በቲ ሓደ ኢዱ ድማ ሽማዕን ዕምባባን ሒዙ፥ ንዝኽሪ ስውኣትና ንምዝካር ኣብ ዘካይዶ ብሓቂ ዘተሓሳስብን ዘስተንትንን'ዩ።

ስውኣት ንዓይ 365 መዓልቲ ኣብ ዓመት ዝኩራት'ዮም። ዝኽሮም ካብ ሕልናይን መንፈሰይን ዘይፍለየሎም ብዙሕ ምኽንያታት ኣለዎ። በዚ ምኽንያት ድማ 20 ሰነ ልክዕ ከምተን ካልኦት መዓልታት ኤርትራውያን ዝወደቁለን እየን። ብፍላይ ከኣ 24 ግንቦት መዓልቲ ነጻነት መዓልቲ ስውኣትን ዝኽሮምን'ያ። መዓልቲ ነጻነት ንዕ ዕም ትግባእ መዓልቲ እያ።

እዚ ክብል እንከለኹ፥ 365 መዓልታት ክኽበራ ማለት ኣይኮንኩን። ኣብ ሓደ ሃገር ዝተፈላልየ በዓላት ምስ'ቲ ዝቀረበ ምኽንያት ታሪካዊ ምትእስሳር ዘለዎ መዓ ልቲ ንኽብሪ ተባሂሉ ይጽዋዕ፥ ሃገራዊ በዓል ክበሃል ከኣ ብባይቶ ይጸድቕ፥ ሕጋውነት እታ መኣኣልቲ ክብሪ ሃገርን ዘኢኣጋታትን ይፍለጥ። ግን መሻኺ ስርዓ ት ንስምዒታት ክበታትን ዝገብሮ ዘሎ ኩሉ ቀስ ቢልካ ብምስትውዓል ኽሕለፍ ይግባእ።

ህዝቢ ንሓንቲ ኤርትራ ከም ዘይተሰውኣን ዘይሰነከልን፥ ህ.ግ.ዲ.ፍ ስልጣኑ ንምንዋሕ፥ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ምብትታንን ምቅቓልን፥ ምፍልላይን ይመርሖ ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሙሉእ ጥዕንኡን ናይ ኣተሓሳስባ ዓቅሙን፥ ክእለቱን ትምህርቱን፥ ተምክሮኡን፥ ህ.ግ.ዲ.ፍ ከም ንሓደ ህጻን ቆልዓ ብኢዱ ሒዝካ ትመርሖ ልክዕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ድማ ከምኡ ተግባራት ይፈጸም ኣሎ።
ህጻን ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጽሐ፥ ብባህላውን ዘመናዊ ናይ ፍርዳዊ ሕጊታት ኣብ ናይ ምውሳን ሙሉእ መሰል ዜጋ ክሳብ ዝወሃቦ'ውን ግቡኣት መሰሉ ተሓሊዩ'ዩ ዝከይድ።

ህ.ግ.ዲ.ፋዊ ኣረኣያ ግን ፈጺሙ ካብ'ዚ ባህላውን ኣህጉራውን ግቡእ ኣተሓሕዛ ዜጋታት ዝተፈለየን ዝወጸሉ መሻኺ'ዩ።

በዚ ምኽንያት ከኣ ስለምንታይ ኣብ'ቲ መሻኺ ስርዓት ዝሓንጸጾ እሞ ኣብ ሓንቲ ንታረኽን ንስሓሓብን፡ ካብኡ ንላዕሊ ክሕሰብን ክግበርን ዝግብኦን ጉዳያት ከነድህብ ይግባእ። እቲ ኩሉ ምስ ምልዋጥ ናይ'ዚ ስርዓት ዝጠፍእ ተግባራት ክሰሓሕብን ክፈላልይን ኣይግባእን።

ዘለኣላማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

24 ሰነ 2006
ኣንቶንዮ ተስፋይ